# <u>መልሲ ንሃተፍተፍ ስብሓት ነጋ።</u>

ስብሓት ነጋ ዕድመ ዘምጽኦ ስንክልና ድዩ ወይስ ብጥልመቱ ዘይምንሳሕ ዝፈጠሮ ጭንቀት ሃተፍተፍ ዘብሎ ዘሎ። ኣብ ኤርትራ ጭቆና ከምዘሎ ኣምሲልካ እሞ ከኣ ፈታሕ ሽግር ምምሳል ብጀካ ነቶም ካብ ኣፍንጭኦም ኣርሒቕም ዘይሓስቡን ኣብ ኤርትራ ተወልጀ በሃልቲ ቁንጣሮ ካልእ ሰማዒ ክረክብ ማለት ከሳብ ክንደይ ዱኹም ኣብ ፖሎቲካዊ ዓለም ከምዘየሎ ዘምዝኖ ሕሱር ኣባሃህላ ምኻኑ ይሕብር። ወዮድኣ ዝተደረሮ ዘይዝክር ከሓድን ኮይኑምበር፡ ህዝባዊ ግንባር ሽግር ህዝቢ ኤርትራ ፈቲሑስ ሽግር ውጹዕ ህዝቢ ትግራይን ብሓፈሹኡ ሽግር ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝፈትሔ ግንባር ምኳኑ ጃንዳ ወያነ ኣጸቢቓ ትፈልጥ እንድያ። ዓለም ብምልእታ ሳላ ሰውራ ኤርትራ ካብ ባዶ ናብ ዙፋን ነገስታት ኮፍ ከምዘበለኩም ክትክሕዱ። ወያነስ ኣየናይ ዓቕምን ፍልጠትን ዕጥቅን ስለ ዝነበራ እያ ንስርዓት ደርጊ ክትስዕር።

ኣብ ቃልሲ ወያነ ጀጋኑ ተጋደልቲ ኣይነበሩን ማለተይ ኣይኮንኩን፡ ኔሮም ነቲ ህዝባዊ ግንባር ብሓፈሻኡ ህዝቢ ኤርትራ ዝገበረሎም ብልቢ ዘመስግኑ። ሕጂ ግን ወያነ ከም ዝመሽመሽ ድንሽ ደርብያቶም ኣላ። ንባዓል ስብሓት ነጋ ሰላም ኤርትራ ሽግር'ዩ። ኣብ ስልጣኖም ክነብሩ እንተኾይኖም ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ክሓልፎሉ የብሉን። ምኽንያቱ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ከኣ ህዝቢ ትግራይ ነቲ ተሓሪሙዎ ዘሎ መሰል ንምቅላስ ሰላም ኤርትራ ኣዝዩ ሓጋዚ ስለ ዝኾውን። ነዚ ሓገዝ ክብቱኑ ከኣ'ዮም መራሕቲ ህ.ወ.ሓ.ት. ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሰላም ዓይኖም ክሳብ ደም ዝሰርብ ዝገብሮም። መራሕቲ ኤርትራ ንረብሓ ህዝቦምን ዕቤት ሃገሮም ምስ ሓረስቶት፡ ሰራሕተኛ፡ ሽቃሎ፡ ሰራዊት፡ ካብ ፐረስደንት ኣትሒስካ ክሳብ ዝተሓተ ሰበ ስልጣ ኣብ ህንጸትን ምክልኻል ሃገር ኢዶምን ጉልበቶም ዝሕዉሱ።

መሳፍንቲ ወያኔ ንክሽኑ ብወተሃደር ትዓጂቦም እናነብሩ ከለዉ፣ ሰበ ስልጣን ኤርትራ ኣብ መላ ሃገር እናተዘዋወሩ ዝካየዱ ዘለዉ ስራሓት ዝከታተሉ። እዛ ብድኽነትን ምፍልላይ ዓሌታትን ትሕመስ ዘላ ኢትዮጵያ ደሞክራሲያዊት ሃገርያ እያ ኢልካ ምዝራብ፡ ህዝባ ንረዴት ኣእዳዉ ዘርጊሑ ኣዒንቱ ናብ ለገስቲ ሃገራት እናቋመትስ 11% ዕቤት ኣመዝብና ይበሃል። እቲ 89% ድኽነት'ከ ኣበይ ክትሓብኡዎ። ኣደታት ኢትዮጵያ ሓገዝ መግቢ ጥራሕ ኣይኮናን ዝልምና ዘለዋ። ካብ ማህጸነን ዝወለድኦም ህጻውንቲ ክዕንግልኦም (ከዕብይኦም) ስለ ዘይከኣላ ካብ ዝሙቱወን ምዕራባውያን ክዕብዩለን ደም እናነብዓ ንዘልኣለም የፋኑውኦም ኣለዋ። መራሕቲ ጃንዳ ነዚ እንታይ ትምልሱሉ? ከምቲ ኣመልኩም ኣሉ ድኹም ክትብሉ? ብዓለባ ሳረት ዝሕባእ ሓቂ የለን። ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ስለ ዝበነነ እቲ ሕጂ ትኣልምዎ ዘሎኹም ትግራይ ትግርኚ'ውን ከይተበገሰ ስለ ዝተፈልጠ፣ ኣግእዝያን ዝብል ፍልስፍና ተበጋግሱ ኣሎኹም። ልቢ ግበሩ መታን እቲ ዝመጽእ ዘሎ ዎሎዶ ህዝቢ ትግራይ ምስ ጎረባብትን ብዓብኡ ምስ ሃገሩን ኣሕዋቱን ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሰላም ክነብር። መርዛም ሕልምታትኩም መደምደምታ ግበሩሉ።

ስብሓት ነጋ ዕሽላት ኣኪብካ ዳንከራ ጥፍኣት እንተሃረምኻ፡ እቶም ብሓቂ ኤርትራውያን ዝኾኑ ዜጋታት ኣብቲ መደረኻ ተኻፊሎም ዝነበሩ ገጾም ድኣንበር ልቦም ክትርእዮም ስለ ዘይትኽእል ኤርትራውያን ፈተውትን ሓለይትን ህዝቦም ስለ ዝኾኑ ሃገሮም፡ ክውረር ዓይኖም ዘይዕሙቱ ታሪኽ ኣቦታቶም ዘይሸጡ፡ ምኻኖም ትዝንግዖ ኣይመስለንን። ምስላ ኣቦታትና "ኢድካ ኣብ ባሕሪ ኣእትው፡ እንተኾነ ዓሳ ሒዛ ትወጽእ እንተዘይኮይኑ ማይ ተሓጺባ ትወጽእ" ዝበሃል ኣሎሞ ዓላማ ኣኼባኻ ካብዚ ምሳሌ ዝወጽእ ኣይመስለንን።

ነቶም ብግዝያዊ ስሚዒት መንገድኹም ትስሕቱ ዘለኾም መንእሰያት፡ ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ ኩኑ። ራኣሲ ወልደሚካኤል ንሰላም ብሰንኪ ግርህንኦም ብመስፍንቲ ትግራይ እንታይ ከምዘጋጠሞም ኣንብቡ። ታሪኽ እዛ ጠላም ወያነ ኣብ ትሕቲ ሕቕፊ ሻዕብያ ዓኹኺ ዝዓበየት ተመራመሩሉ። ወያነ ጽባሕ ንጉሆ ሙሉእ ሂወትኩም ኣብ ትጠዓስሉ ዓዘቕቲ ኣእትያ ኣይ ምስኣ ኣይ ምስ ህዝብኹም በታቲና ፋሕ ብትን ከተእትወልኩም ምኳና ብኣግኡ ኣስተብህሉሉ። መራሕቲ ወያነ ህዝቢ ኤርትራ ወፈርቲ በለስ እሉ እዩ ዝጸርፈና እናበሉ ኣብ ኩሩምቶም ነኺሶማ ኣሎዉ። ምፋር ብርለስ ስራሕ'ዩ በሊሕ ከኣ እዩ ዝፈልጦ። መግስቲ ኢና እናበሉ ተምበርኪኾም ካብ ምዕራባውያን ምልማንኸ እንታይ ይበሃል? ሕንሕነ ኣለዎም ንህዝቢ ኤርትራ ኣራይ ኩዕንቲ ክገብሩዎ።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማኣታትና፡<br>ዓወት ንሓፋሽ።<br>ገብረንጉስ መስመር።